# ኣገዳሲ ምልክታ/ሓቤረታ …! ምሸት ፖሎቲካዊ ዘተ ምስ ሳልሕ ቃዲ (መስራቲ awate.com)

ዝኸበርኩምን/ዝኸበርክንን ደቂ ሃገር ..፤ ብቀዳምነት ልዑልን ምዉቕን ሃገራዊ ሰላምታና ይብጻሕኩም/ክን።

እንሆ ሕጂ እውን ብቐጻልነት፡ እቲ ልሙድ ስራሕና መሰረት ብምግባር፡ ን-ቀዳም ዕለት 14.06.2008፡ ኣቶ ሳልሕ ቃዲ (መስራቲ፣ ኣማሓዳሪ ዜና፣ awate.com)፡ ጋሻ "Eritrean Room For Strong And United Opposition" ኮይኑ ከምሲ ዓዲምናዮ ኣሎና። ኣቶ ሳልሕ ቃዲ ምሳና፡ ኣብ ናይ ሎሚ ፖሎቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊ፣ ባህላዊ፣ ክውንነት ህዝብናን ሃገርናን፡ ክዛተ ከምሲ ዳእ ንዓድሞ እምበር፡ እቲ ቀንዲ መዔደሚና ግን፤ ሀ) ኣብ ናይ ዜና ሙያታት ዘለዉ/ዋ ደቂ ሃገር፣ ኣብዛ Room እዚኣ እንዳ ዓደምና ምሳኣታቶም/ታተን ብጉዳይ ህዝብናን ሃገርናን ክንዛተ፤ ሓደ ካብቲ መደባትና ስለዝኾነ፤ ለ) ቀንድን ወሳኒን ዘተ ምስ ኣቶ ሳልሕ ቃዲ ኣብታ ምሸት እቲኣ ግን፡ ኣቶ ሳልሕ ቃዲ፡ ኣብቲ ካብ ዕለት 05 — 11. ወርሒ 05. 2008 ዝተገበረ ኣኼባ ኤርትራዊ ዴሞክራሲያዊ ኪዳን (EDA) ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ተኻፊሉ ስለዝነበር፡ ከም ናይ ዓይኒ ምስክር መጠን፡ ዘለዎ ትዕዝብቲ ምክፋል፣ ሓቀኛ ስእሊ ናይቲ ኣኼባ ህዝቢ ንምሕባር እዩ።

ኣቶ ሳልሕ ቃዲ፡ ከም እትፈልጥዎ፡ ሓንቲ ካብተን ዝተወርየት፡ ብ - "*awate.com*" እትፍለጥ WebSite፡ ከም ናይ ዜና ማዕከንን ሓቤረታን ኮይና፡ ነቲ ብተንኮለኛታት ደቂ ሃገር፡ ሕድርን መብጸዓን ስዋእቱ ዝተጠለመ፣ ናጽነቱ ታዓሚጹ፣ ሰብኣዊ መሰሉ ተጋሂሱ፣ ኣብ ትሕቲ ሕሱም ጭቖና ዝነብር ዘሎ ህዝብና፣ ክውንነቱ ንምቅላሕ፤ ተንኮላትን ሸርሕን ናይቲ፡ ቀዋማዊ (ሕጋዊ) መንግስቲ ምዃን ፈንፊኑ ዓመጽ ዝመረጸ ስርዓት ኢሳያስ ኣፈወርቅን ጭፍራታቱን ንምቅላዕ፡ ንክተገልግል፡ ብ-ዕለት 01. ወርሒ 09. 2000፡ ዝመስረተ ኤርትራዊ እዩ። ኣቶ ሳልሕ ቃዲ፡ ሕልንኡን ሞራሉን ተማእዚዙ፣ ከይታሓለለ፤ ግዜኡን ዓቅሙን ከይበቐቐ፤ ለይቲ ምስ ማዓልቲ፡ መኸተ ኣንጻር ምልኪ ጃንዳ ኢሳያስ ኣፈወርቅን መሰልቱን የካይድ ስለዘሎ፡ ንህዝብና መብራህቲ ተስፋ ክኾኖ እንከሎ፡ ንሕሱም ጮቓኒ ስርዓት ሃገርናን ከደምቱን ግን ዘባህርር ሕልሚ ለይቲ (Night-mare) ከምዝኾነ፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋናት፣ ብኸደምቲ ዓመጸኛ መላኺ ሃገርና ዝተኻየደ፤ ብሓሶት ዝተላዕጠጠ ነውራም ፕሮፓጋንዳ፤ ኣንጻር ኣቶ ሳልሕ ቃዲ፡ ህያው ምስክር እዩ። እዚ ስለ ዝኾነ ሓቀኛ ታሪኽ ትብዓት ኣቶ ሳልሕ ቃዲ ካኣ፡ ከምቲ Dr. ርእሶም ዝበሎ (መንግስተ ሰማያት የዋርሶ) ,,ኣለዉና … ኣለዋና" ዘብል፤ ትሕበነሉን ትኾርዓሉን ወዲ ሃገር ስለዘኾነ፡ ብሓደ ወገን ካብዚ ምኽንያት እዚ ተበጊስና ናብ ናትና Room ክነቕርቦ፤ ንህዝብና ክነኤንግዶ፤ እንከሎና፡ ቀንዲ መዔደሚና ግን፡ ኣብቲ ካብ ዕለት 05 — 11. ወርሒ 05. 2008 ዝተኻየደ ኣኼባ ኤርትራዊ ዴሞክራሲያዊ ኪዳን፡ ኣብ ኣዲሰ ኣበባ፡ ተኻፊሉ ስለ ዝነበረ፡ ዘለዎ ትዕዝብቲ ብዛዕባ ኣኼባ ኪዳን ክኸውን እንከሎ፡ ምሳና ዘዛትይኦ ዛዓባታት ግን፤

1. ትዕዝብቱ ብዛዕባ ኣረዳድኣ መራሕቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ጉዳይ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ
2. ብዛዕባ እቲ ንሱ ዝግበሮ ቃለ መሕተት ምስ መራሒ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ መለስ ዘናዊ፡ ከምኡ እውን መግለጺ ብዛዕባ ኣጠቃቕማ Media ኣብ ኤርትራዊ ዴሞክራሲያዊ ኪዳን (EDA)
3. ሓፈሻዊ መግለጺ ብዛዕባ ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ኢትዮጵያ
4. ብዛዕባ መትከል ዘተን ዕርቅን (Principle of Dialog and Reconciliation)

እየን እተን ነጥብታት እሞ፡ ከመዚ ዝኣመሰለ ብጣዕሚ ኣገዳስን እዋናውን ዝኾነ ኣርእስትታት ኣቶ ሳልሕ ቃዲ ከይሓልፈኩም/ክን ምእንቲ፣ ኣብዚ ምሸት እዚ ናይዚ ዘተ እዚ ተኻፈልቲ

**ክትኮኑ/ኮና፤ ኩሉኻትኩም/ክን፤ ህዝብናን ሃገርናን፣ ካብዚ ጨካን ሕሱም መላኺ ሃገርና፣ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ንኽጋላገል እትምክቱ ዘለኹም፣ ኣሕዋትን ኣሓትን ደቂ ሃገር ብኽብሪ ንዕድም።** Room-**ና ዝኽፈተሉ ግዜ፡ ብናይ** Berlin **ኣቆጻጽራ፡ ሳዓት** 20፡00 **ክኸውን እንከሎ፡ ዘተ ምስ ጋሻና ዝጅምረሉ ግዜ ግን፡ ሳዓት** 21፡00 **እዩ።**

**መታሓሳሰቢ፤** Dr. **ኣሲያ ዓብደልቃድር፡ ንሓሙስ ዕለት** 19.06.2008**፡ ናብራ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ጃንዳ ኢሳያስ ኣፈወርቅን ከደምቱን፡ ምሳና ክትዛተ ክተምሲ፡ ከም ጋሻና ዓዲምናያ ከምዘሎና፡ ካብብሕጂ ክንሕብር ንፈቱ።**

**ብዳሓን ምጽኡ/ኣ** ...!!!

**ካብ ኤርትራውያን፤ ኣባላት፡ ናይ ዝተፈላለያ ውድባት፤ በርገሳውያን ማሕበራት፤ ብውለቀ ተቓወምቲ፤ ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ፓለቶክ** (Paltalk)**፡ ኣብ ኣዳራሽ** " Eritrean room for strong and united opposition" **ብዛዕባ ህዝብናን ሃገርናን፤ ከምኡ እውን ብዛዕባ ኣግባብ ኣቃላልሳና ኣብ ተቓውሞና፡ እንማያየጥን እንዛተን ደቂ ሃገር።**

erfsauo@yahoo.com